ትግርኛ / TIGRYNIA SPRACHE / TIGRYNIA / TIGRINO




# መሰላት ተሓከምቲ

## ኣገዳሲ ሓበሬታ

**ተሓከምቲ ብዛኣዕባ መሰላቶም ዝኣክል ሓበሬታ ምስ ዚወሃቦም፡ ዝኾነ ዚወሃብ ሕክምና ኪቕበሉን ምስ ሰብ-ሞያ ጥዕና ውሃ ዘበለ ዝምድናታትን ኪምስርቱ ይኽእሉ፡፡፡፡**

### 1. መሰል ንሓበሬታ

ተሓከምቲ ንኩነታት ጥዕናኦም፡ ንመርመራታቶምን ኪወሃቡ ንዚኽእሉ ሕክምናታትን፡ ንሳዕቤናቶምን ኬስዕብዎ ንዚኽእሉ ሓደጋታትን፡ ከምኡ’ውን ንመርመራታትን ንዝኾነ ፋይናንሳዊ ጕዳያት ናይቲ ሕክምና ዚምልከት ንጹርን ቅኑዕን ሓበሬታ ኪቕበሉ መሰል ኣለዎም፡፡ ኣብ ሓደ ትካል ጥዕና ኪድቅሱ ዓራት ምስ ዚሕዙ፡ ተሓከምቲ፡ ብመትከል፡ ንመሰላቶምን ግዴታታቶምን፡ ከምኡ’ውን ኣብቲ መደበር ጥዕና ንዚጸንሑሉ ኩነታት ዚምልከት ሓበሬታ ብጽሑፍ ኪቕበሉ ኣለዎም፡፡

### 2. ነጻን ንቑሕን ፈቓድ

እቲ ሰብ ዓብይ ይኹን ቈልዓ ብዘየገድስ፡ ንነገራት ኪመምይ ካብ ዚኽእል ተሓካማይ ነጻን ንቑሕን ፈቓድ ከይሃበ ሕክምና ከይወሃብ ይኽእል፡፡ ተሓከምቲ ድላዮም ምስ ዚኸውን፡ ሕክምና ኪኣብዩ፡ ካብ ዝኾነ ሕክምና ኬንሳሕቡ፡ ወይ ካብ ትካል ጥዕና ኪወጹ፡ መሰል ኣለዎም፡፡

### 3. ተሓካማይ ኪውስን ዘይክእል ምስ ዚኸውን፡ ኣቐዲሙ ዚወሃብ ትእዛዛት፡ ተወከልቲ ሕክምናን ፈቓድን

ነፍስወከፍ ውልቀ-ሰብ ድላዩ ኪገልጽ ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ ምስ ዚበጽሕ፡ ብዛዕባ እቲ ኪወሃቦ ዚደልዮ ዓይነት ሕክምና ንምንጻር ኣቐዲሙ ትእዛዝ ኬቐምጥ መሰል ኣለዎ፡፡ ብተወሳኺ፡ ተሓካማይ ሓሳባቱ ኪገልጽ ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ ምስ ዚበጽሕ፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ኩነት ንዚግበር ምርጫ ሕክምና ኣመልኪቱ ኣብ ክንዳኡ ኾይኑ ሓላፍነት ዚስከም፡ ተወካሊ ሕክምና ተባሂሉ ዚፍለጥ፡ ውልቀ-ሰብ ኪመርጽ ይኽእል፡፡

### 4. መሰል ንነጻነት ሕርያ

ተሓካማይ እናተመላለሰ ዚሕከም ምስ ዚኸውን፡ ኵሎም ተሓከምቲ ኪርእዮም ዚደልይዎ ሞያተኛ ጥዕና ብነጻነት ኪሓርዩ መሰል ኣለዎም፡፡ ብመትከል፡ እንተላይ ኪሕከሙሉ ዚደልዩ ህዝባዊ ኰነ ስለ ህዝባዊ ረብሓ ከም ዚዓይይ ዚፍለጥ ትካል ጥዕና ብነጻነት ኪመርጹ መሰል ኣለዎም፡፡ እዚ ንሞያተኛ ጥዕና ወይ ትካል ሕክምና ዚምልከት ነጻነት ሕርያ፡ ብተዘዋዋሪ መንገዲ በቲ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ መሰረታዊ ውጥን መድሕን ጥዕና ዚወሃብ ሕክምና፡ ኣውራ ካብቲ ካንተን ወጻኢ ኪግበር ንዚኽእል ከፊላዊ ሽፈነ ጥራይ ዚህብ ናይ ሆስፒታል ሕክምና ኪድረት ይኽእል፡፡

### 5. ስጕምትታት ግትኣትን ሕክምናን ብዘይ ፈቓድ

ብመትከል፡ ናብ ተሓካማይ ዝቐንዐ ዝኾነ ስጕምቲ ግትኣት ክልኩል እዩ፡፡ እዚ ሕጊ እንተላይ ብዘይ ፈቓድ ተሓካማይ ንዚወሃብ ዝኾነ ሕክምና ይምልከት፡፡ ይኹን’ምበር፡ ኣብ ትሕቲ ኣዝዩ ጥቡቕ ኩነታት፡ ንነጻነት ምንቅስቓስ ኰነ ሕክምና ብዘይ ፈቓድ ዚገትኡ ገለ ስጕምትታት ኪስገደዱ ይኽእሉ፡፡

### 6. ሞያዊ ምስጢራውነት

ተሓከምቲ ስለ ምስጢራውነት ሓበሬታኦም መሰል ኣለዎም፡፡ ሞያተኛታት ጥዕና ሞያዊ ምስጢራውነት፡ እንተላይ ሕክምናዊ ምስጢራውነት ተባሂሉ ዚፍለጥ፡ ኪዕቅቡ ግዴታ ኣለዎም፡፡ ብሞያኦም እናሰርሑ ንዚፈልጥዎ ዝኾነ ሓበሬታ ኬግህድዎ ኣይግባእን፡፡ ብሕጊ እንተርፎ ዘይተቐሚጡ፡ ነዚ ሓአሬታ ብዘይ ፈቓድ ተሓካማይ ኬመሓላልፍዎ ኣይክእሉን፡፡ ሞያዊ ምስጢራውነት እንተላይ ንሰብ-ሞያ ጥዕና ይምልከት፡፡

### 7. ምጥቃም ፋይላት

ተሓከምቲ ብዛዕባ ፋይላቶም ኪሓቱን ዝኾነ መግለጽታት ኪጠልቡን መሰል ኣለዎም፡፡ ብመትከል፡ ነጻ ሕታም ናይ ዝኾነ ክፋል ናይዚ ሰነድ፡ መበቈላዊ ኰነ ቅዳሕ፡ ረኺቦም ናብ ዚመረጽዎ በዓል-ሞያ ሕክምና ኬመሓላልፍዎ ይኽእሉ፡፡

### 8. ናይ መሰነይታ መሰል

ኣብ ትካል ጥዕና ኾይኖም ዚእለዩ ተሓከምቲ፡ ኣብ ምሉእ እቲ ጻንሖቶም ሓገዝን ምኽርን ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም፡፡ ናይ ቀረባ ኣዝማዶም ኪድግፍዎም ኪጠልቡን ምስ ኣዕሩኽ-መሓዙትን መቐርብ ቤተሰብን ኪራኸቡ መሰል ኣለዎም፡፡ ዊንታኦም ምስ ዚኸውን፡ ናይ ግዳም ተሓጋጋዛይ ኪጽውዑ ይኽእሉ፡፡

### 9. ምልጋስ ህዋስን ቲሹን

ውልቀ-ሰባት ኣብ ዘመን ህይወቶም ህዋሳቶም ኪሰጋገር ኪውስኑ ይኽእሉ፡፡ ካብቲ ናይ ቀረባ ዘመድ ዊንታታት፡ ናይቲ ብህይወት ዘየለ ሰብ ድልየታት ቀዳምነት ይወሃቦ፡፡ ምልጋስ ህዋሳት፡ ቲሹ ወይ ዋህዮታት ብነጻ ኪኸውን ይግባእ፤ ዝኾነ ኣኽሳቢ መሸጣ ክልኩል እዩ፡፡

# ሓገዝ፡ ሓበሬታ ወይ ምኽሪ ትደልዩ?

## ብኽብረትካ “ንመሰላት ተሓከምቲ ዚምልከት ኣገዳሲ ሓበሬታ” ዝኣርእስቱ ምሉእ ብሮሹር ጥለብ ወይ ኣብቲ እትነብሮ ካንተን ንዘለዉ ሰብ-መዚ ጥዕና ርኸቦም፧

### ወረዳ በርን
Direction de la santé publique
et de la prévoyance sociale

Rathausgasse 1, 3011 Berne

Tél. 031 633 79 20
info@gef.be.ch
www.gef.be.ch

### ሪፓብሊክን ወረዳ ጁራ
Service de la santé publique
Médecin cantonal

Fbg des Capucins 20,
2800 Delémont

Tél. 032 420 51 33
medecin.cantonal@jura.ch

### ወረዳ ቫላዩስ
Service de la santé publique
Office du médecin cantonal

Av. du Midi 7, 1950 Sion

Tél. 027 606 49 00
santepublique@admin.vs.ch
www.vs.ch/sante

### ወረዳ ፍሪቡርግ
Service de la santé publique
Rte des Cliniques 17, 1700 Fribourg

Tél. 026 305 29 13
ssp@fr.ch
www.fr.ch/ssp

### ወረዳ ኒዩቻታል
Service de la santé publique (DFS)
Rue Pourtalès 2, 2000 Neuchâtel

Tél. 032 889 52 09
www.ne.ch/santepublique

### ወረዳ ቮድ
Service de la santé publique
Bâtiment administratif de la Pontaise

Avenue des Casernes 2,
1014 Lausanne

Tél. 021 316 42 00
info.santepublique@vd.ch
www.vd.ch/ssp

### ሪፓብሊክን ወረዳን ጄኔቫ
Direction générale de la santé
Service du médecin cantonal

Av. de Beau-Séjour 24,
Case postale 76,
1211 Genève 4 Plainpalais

Tél. 022 546 50 00
www.ge.ch/deas

### ወረዳ ቲሲኖ
Dipartimento della sanità
e della socialità
Ufficio Medico cantonale

Via Dogana 16, 6500 Bellinzona

Tél. 091 814 30 50
dss-umc@ti.ch
www.ti.ch/promozionesalute



canton de vaud

ETAT DE FRIBOURG
STAAT FREIBURG
Direction de la santé et des affaires sociales DSAS
Direktion für Gesundheit und Soziales GSD

REPUBLIQUE ET CANTON DE GENEVE

JURA.CH RÉPUBLIQUE ET CANTON DU JURA

ne.ch RÉPUBLIQUE ET CANTON DE NEUCHÂTEL

ti Repubblica e Cantone Ticino

CANTON DU VALAIS
KANTON WALLIS